# <u>ፋሉይ መገጣጠም ታሪኽ ኣርብዓ ንዒስራ</u>

ካብ Zharina bloger

ሕገ መንግስቲ ኢትዮጲያ ዓርሱ ዝኽኣለ መለለዩ ባህርያት ዝወነነ እዩ። ከም ኩሎም ሕገ መንግስትታት ድማ ኣብ መንጐ መንግስትን ዜጋታትን ዝህሉ ርክብ ዝሕግግን ርእሲ ኩሎም ሕግታት፣ ስነድ ፖለቲካን ፖሊሲ እዩ። ሕገ መንግስትና ቅዳሕ ናይ ዝኾነ ዝማዕበለ ሃገር ሰነድ ዘይምኧኖም ንምርኣይ ነቶም ፋሉያት ባህሪቱ ሓደ ብሓደ ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ ሕቶ መሰል ዓርሰ ውሳነ ህዝብታት ዝተፈላለያ ሃገራት ብፍላይ ድማ ዝማዕበላ ሃገራት ዝኸተልኦ መንገዲ ሎሚ ሕቶ ምንፃል ብዴሞክራሲያዊ ህዝቢ ውሳነ (Referendum) ምፍታሕ ኣብ ዓለምና ቅቡል እናኾነ ዝመፅአ ልምዲ ኣምሲልዎ ኣሎ። ንኣብነት እዚ መሰል ኣብ ካናዳ ህዝቢ ኪዩቤክ (Cubic) 1995፣ ኣብ ብርታንያ ስኮትላንዳውያን ኣብ መስከረም 2014 ዝተኻየዱ ህዝበ ውሳነታት ምዕራሕ ይክኣል እዩ። ይኹን እምበር እዚ ኣጋጣምታት ዝፈጠሮ (Spontaneous) እምበር ኣብ ናይዘን ሃገራት ስሩዕ ሕገ -መንግስቲ ወይ ድማ ንሕጋዊ ውሳነ ዝገዝእ ውሳነታተን ኣፍልጦ ረኺቡ ዝፀንሐ ኣይኮነን።

ካብዚ ብዝተፈለየ መልክዑ ወርቃዊ ሰነድ /ሕገ መንግስቲና/ ካብ ካልኦት ተመሳሳሊ ፌደሬሽናት እንተይተረፈ ፋሉይ ዝገብሮ መሰል ዓርሰ ውሳነ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ክሳብ ምንፃል ዝብል ግልፂ ብዝኾነ ድንጋገ ኣብ ዓንቀፅ 39 ብዘየሳሚ መንገዲ ኣፍልጦ ሂቡ። ንምንታይ? እቲ ፌደራል ስርዓት ኣብ ነፃ ድልየቶምን ሰናይ ፍቓድን ዝተመስረተ ብምኧኑ፣ እዚ ፌደራል ስርዓት እንትምስረት ጥራይ እንተይኮነስ ቀፃልነቱውን ዝረጋገፀ በቲ ናይ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ሰናይ ፍቓድ ጥራይ ስለዝኾነ፣ እዚ መሰል ብዝተማልአ መንገዲ ህዝብታት ብቋንቁኦም ናይ ምዝራብ፣ ናይ ምፅሓፍ፣ ቋንቁኦም ክዓቢ ናይ ምግባር ታሪኾም ናይ ምክንኻን መሰል ሂቡ። ህዝብታት ነቲ ልዕል ኢሉ ዝተጠቐሰ ኩነታት ንምትግባር ዘኽእሎም ኣሰፋፍርኦም መሰረት ዝገበረ ዓርሶም ንዓርሶም ናይ ምምሕዳር መሰልን ክረኽቡ’ውን ገይሩ። ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኣብ ክልሎምን ብፌደራል መንግስቲ ደረጃን ሚዛናዊ ውክልና ናይ ምርካብ መሰሎም ተሓልዩ።

ስለዚ ድማ መሰል ዓርሰ ውሳነ፣ ህዝብታት ናብ ዘይተደለየ ምብትታን ኣየእቱን ዝብሃለሉ ምኽንያት ወፅዓ፣ ምጉናይን በደልን ኣቐዲሙ ዝካላኸል ፍቱን መድሓኒት ብምዃኑ እዩ። ነዚ እውን'ዩ ናይ ሎሚ 40 ዓመት ኣብ ውሽጢ ህብረ ብሄራውነት ንብሄራዊ ማዕርነት ዝግበር ቃልሲ ጉቡእን ሳይንሳውን እዩ ኢሉ ህወሓት ንህዝቢ ትግራይ ኣብ ዙርይኡ ዘዕሰለ። ቅድም ኢልና ዝርአናዮ ሕገ መንግስታዊ መትከል እዛ ሀገር ድማ መበገሲኡ እዚ ቃልሲ እዩ። ናይ ሕገ መንግስትና ዕድመ ንእስነትን (20 ዓመቱን) ሕቶ ሕገ መንግስታዊ ስርዓት ብሳይንሳዊን ሓቀኛን ዕላማ ቃልሲ ዝተወለዐ ለካቲት 11 መበል 40 ዓመታን ኣብ ሓዱሽ ምዕራፍ ጉዕዞ ህዳሰ ዘገጣጠመ ፉሉይ ታሪኻዊ ዓመት ኮይኑ ኣሎ። እዚ ሒዝናዮ ዘለና ዓመት።

ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ግፍዕን በደልን ገዛእቲ ደርቢ ኣሜን ኢሎም ከይተቐበሉን። ንመሰሎም፣ ንማዕርነቶምን ንማሕበረ ኢኮኖሚያዊ ተጠቃምነቶምን ዝተኻሸሑሉ ጊዜ'ውን ኣካል ታሪኽ ሃገርና ኮይኑ ተመዝጊቡ። ኣብዚ ፍሉይ ትኹረት ዝውሃቦ ብተናፀልን በቢከባቢኡ ዝተኻየዱ ምንቅስቓስ ህዝብታት ዕላምኦም ኣማሊኦም ከይተሳኸዑ ዝተረፉሉ ምኽንያት ስኣን ሳይንሳዊ ኣመራርሓን ዕሩይ መስመርን ምንባሩ ዝዝከር እዩ፡፡ ይኹን እምበር እዚ ምንቅስቓስ ህዝብታት ድሕሪ መፋርቕ መበል 20 ክፍለ ዘመን ንዝነበረ ምእኹል ምልካዊ ኣገዛዝኣ ዝበድሆ ብርሃን ሳይንሳዊ ኣመራርሓ ዝረኸበ ቃልሲ ውፅዓት ህዝብታት ዝተወለዓሉ ሽግ 11 ላካቲት ብምኽኣሉ ነዚ ሕዚ በጺሕናሉ ዘለና ሓዱሽ ምዕራፍ ኣብቂዑና ኣሎ።

ናብ ሕዱሽ ምዕራፍ በዚ ታሪኻዊ እዋን ምስግጋርን ዘይዛሪ ዓወት ምምዝጋብን ልሙድ ዝኾነሉ ብዝተወደበ መንገዲ ዝተጀመረ ተጋድሎ ህዝቢ ትግራይን ብሓፈሻ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ትማሊ ጥራይ ኮይኮነስ ንሎሚ ኢትዮጵያ'ውን ባህሪ ስርዓት መንግስቲ ዝወሰነ'ዩ። ኣንፈት መፃኢ ጉዕዞና ዝሓበረን 'ውን ኮይኑ ብሕገ መንግስታዊ ስርዓት ስለዝተኸምበተ እዩ። ኣብ እዋን ምንቅስቓስ ተምሃሮ ተፈጢሮም ሰንካል ዕላማን ኣንፈት ቃልስን ብምምራያም ገና እንተይጀመሩ ዝቓሃሙ ውድባት ፈጺሙ ብዝተፈለየ መንገዲ እቲ ብወያናይ ዴሞክራሲያዊ መስመር ዝተመርሐ ምንቅስቓስ ህዝብታት ኢትዮጵያ ሕዚ'ውን ብዓወት ይግስግስ ኣሎ፡፡ ብመሰረቱ ቅኑዕ ዕላማ፣ ኣንፈታትን ፕሮግራማትን ሒዙ ንህዝቢ ኣሚኑ ዝተቓለሰን ዘቃለሰን ወያናይ

ዴሞክራሲያዊ መስመርን ነዚ ዝመርሐ ውድብ ህወሓት/ኢህወደግ ዓወት ኣብ ልዕሊ ዓወት እናመዝገበ ክኸይድ መሰረቱ እዚ ሕገ መንግስታዊ ዓቕሚ እዩ ፡፡

ኣብ ማዕርነት ዝተመስረተ ሓድነት ክመፅእ ንብሄራዊ ማዕርነት ዝካየድ ቃልሲ ብዝልዓለ ብርኪ ዘጠናኸረ ህዝቢ ትግራይ ምእንታን እዚ ዕላማ እቲ ከቢድ ሸክሚ ብዝተማልኣ መንፈስ ሓላፍነት ተሰኪሙ መስዋእትነቱ ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ብወርቃዊ ቀለም ዝተፅሓፈ ክቡር ታሪኽ ኣመዝጊቡ። እዚ ህዝቢ ልዕሊ 60 ሽሕ መስዋእትን ልዕሊ 100 ሽሕ ኣካል መጉዳእትን ዝኸፈለሉን ከም ህዝቢ ብደብዳብ ክላስተር ቡንባ ንምጥፋእ ኣብ ታሪኽ እዛ ሃገር ብገዛእቲ ደርብታት ዝተፈረደሉ እዋን ኣሕሊፉ እዩ ነዚ ሕዚ በዒሕናሉ ዘለና ብሩህ ጉዕዞ ህዳሰ ዝበፅሐ።

ሰራሕትን ወሰንትን ታሪኽ ህዝብታት እዮም ብዝብል መበገሲ ልዑል ትኹረት ንሰላም፣ መሰል ዓርሰ ውሳነን ኢኮኖሚያዊ ረብሓ ህዝብታትን ብምሃብ ዝተኻየደ ቃልሲ ውሑስ ዝኾነ ዴሞክራሲ፣መሰላት ብሄር ብሄረሰባት፣ ሃይማኖትን ፆታን ከረጋግፅ ኪኢሉ እዩ፡፡ መስተንክራዊ ፅንዓትን ዕላማን፣ ዓወታትን ዝተርኣየሉ እዚ ቃልሲ ኣብ ድሮ መበል 40 ዓመቱ ዝሃነፆ ሕገ መንግስታዊ ስርዓት እንሆ መበል 20 ዓመቱ ኣቑፂሩ፡፡ ኣብዚ መዋእል ሃገርና ኣዝዩ ካብ ዝማዕበለ ስልጣነ ናብ ምንቁልቋል፣ ሙሉእ ብርኪ ልመናን ተመፅዋትነትን ጥሒላ ካብ ዝነበረትሉ ኩነታት ወፂኣ ኣብ ጎዳና ህዳሰ ኣትያ ኣላ፡፡

መበል 40 ዓመት ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ልደት 11 ለካቲት ክነኽብሮ ኣብ እንቀራረበሉ እዋን መዓልቲ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ግድብ ህዳሰ ኢትዮጵያ ኣብ ዝርከበላ ክልል ቤንሻንጉል ጉምዝ እንትንኽብሮ ብፍላይ ንህዝቢ ትግራይ ብሓፈሻ ድማ ንህዝብታት ኢትዮጵያን ዝለዓለ ትርጉም ኣለዎ፡፡ ኣብ ማዕርነት ዝተመስረተ ሃገራዊ ሓድነት ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ሕገ መንግስታዊ መሰረት ክሕዝ ዝተገበረሉ መበል 20 ዓመት ዘቑፀረሉ እዋን በዒሕና፡፡ ነዚ ድማ እዩ መዓልቲ ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ሎሚ ዘበን "ብሕገ መንግስትና ዝተኾለዐ ኢትዮጵያዊነትና ንህዳሰና" ብዝብል መሪሕ ሓሳብ ዘኽበርናዮ፡፡

እዚ ዘላቒ ሰላም፣ ውሑስ ዴሞክራሲ፣ ማሕበራዊን ኢኮኖሚያውን ልምዓት ምስላጥን ናብ ሓደ ምርድድእ ዝበፅሓ ናይ ፖለቲካ ማሕበረሰብ ምህናፅ ዓሊሙ ብሚልዮናት ዝቑፀሩ ነበርቲ ከተማን ገጠርን ከተማን እዛ ሃገር ተሳቲፎም ዘፅደቕዎ ሕገ መንግስትና ከም ናይ

ኩሎም ሕግታት ላዕለዋይ ሕግን  ሰነድ ፖለቲካን ፖሊሲ  እናተዘርዝረ ኣዝዩ ውፅኢታዊ ምኻን ዝጀመረ ድሕሪ ተሃድሶ እዩ። ማዕርነታዊ ሓድነት ዝበለፀ ህዝብታት ዘጠዓዕምዎ ካብ ድኽነት ብዝወፀእሉ ሰለጤን ልክዕ ምኻኑ ዘረዳድኣና እዚ ዕላማ ሕገ መንግስቲ ትሃድሶና ብዝነፀሮ መስመር ልምዓታዊ ዴሞክራሲ ናብ ጭቡጥን ርኡይ ሱሉጥ ምዕባለ ቀይርዎ።

ሕገ መንግሰቲ መፃኢ ወለዶ ተባሂሉ ብፍሉጣት ተመራመርቲ ሕጊ ዝፅራሕ ሕገ መንግስትና ከም ኣጠቓላሊ ፖለቲካዊ ሰነድን ፖሊሲን ብዝተማልአ ዓቕሚ ናብ ተግባር ምውዓል ዝጀመረሉ ኣብ እዋን ተሃድሶ እዩ፡፡ መስመር ልምዓታዊ ዴሞክራሲ ዘነፀሩ ዝርዝር ፖሊስታትን ስትራተጅታትን ሃገርና ተግባራዊ ካብ ዝኾኑሉ እዋን ጀሚሩ እነመዝግቦ ዘለና ስሉጥን ተኸታታልን ምዕባለ ናይዚ ፍርያት እዩም፡፡

ሕገ መንግስትና መሰል ኣርሰ ውሳነ ክሳብ ምንፃል ዝብል ዴሞክራሲያዊ መሰል ኣፍልጦ ብምሃብ ውሑስ ዴሞክራሲ ምርግጋፃ ሓደ ነገር ኾይኑ ዙርያ መለሸ ዓቕምታቱ ዘጎልበቱ ፉሉይት ባህርያት'ውን ዝዓትዐተ እውን እዩ፡፡  ናይ ውልቀን ሓባርን መሰል ተመጋገብቲ እምበር ዝቃረኑ ዘይምኗኖም ብተግባር ዝተረጋገፀሉ፣ መሬት ናይ መንግስትን ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዩጵያን ብምግባር ፖለቲካዊ ፍታሕ ዝሃበ ብሕታዊ ሕገ መንግስቲ'ውን ኮይኑ ኣሎ፡፡ ፌደራሊዝም መእንተን ሕብረ ብሄራው ስርዓት ጥራይ እንተይኮነስ ኣብ ምትሕግጋዝን ፌደራሊዝም /Multi National and Cooperative Federal System/ ብምትእትታው ንሃገሩ ክመስል ብምግባር ብታሪኽ ኣጋጣሚ ንድሕሪት ዝተረፉ ህዝብታት ተታሓሒዞም ኣብ ናይ ማዕበል ለውጢ ክኣትው እውን ኣኽኢሉ፡፡ ዝተፈየ ናይ ፌደሬሽን ቤት መኽሪ ናይ ውክልና፣ ኣወዳድባን ስልጣንን ብምሃብውን ብሃገራዊ ኩነታትና ዝተሰፈየ ሕገ መንግስቲ ክንጭብጥ ተገይሩ እዩ ፡፡ ከምኡ'ውን ኣተረጓጉማ ሕገ መንግስትን በየነ መንግስታዊ ኣፈታትሓ ጊዜያዊ ፀገማትን ብምትእትታ'ውን  ተረሲያም ዝነበሩ ( Minority rights) ኣተሓሕዛ ዘቐመጠም ፉሉያት ድንጋገታት ተኣሳሲሮም እዮም ነዚ በፂሕናሉ ዘለና ብርኪ ዘብቀዓና፡፡

ሕገ መንግስትና መሰል ኣርሰ ውሳነ ክሳብ ምንፃል ንዝብል ዴሞክራሲያዊ መሰል ኣፍልጦ ብምሃብ ውሑስ ዴሞክራሲ ምርግጋፃ ሓደ ነገር ኾይኑ ዙርያ መለሸ ዓቕምታቱ ዘጎልበቱ ፉሉይት ባህርያትውን ዝዓትዐተ እውን እዩ፡፡  ናይ ውልቀን ሓባርን መሰል ተመጋገብቲ

እምበር ዝቃረኑ ዘይምኻኖም ብተግባር ዝተረጋገፀሉ፣ መሬት ናይ መንግስትን ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያን ብምግባር ፖለቲካዊ ፍታሕ ዝሃበ ብሕታዊ ሕገ መንግስቲውን ኮይኑ ኣሎ፡፡ ፌደራሊዝም መእንተን ሕብረ ብሄራው ስርዓት ጥራይ እንተይኮነስ ኣብ ምትሕግጋዝን ፌደራሊዝም /Multi Ational and Cooperative Federal System/ ብምትእትታው ንሃገሩ ክመስል ብምግባር ብታሪኽ ኣጋጣሚ ንድሕሪት ዝተረፉ ህዝብታት ተታሓሒዞም ኣብ ናይ ለውጢ ማዕበል ክኣትው እውን ኣኽኢሉ፡፡ ዝተፈለየ ናይ ፌደሬሽን ቤት ምኽሪ ናይ ውክልና፣ ኣወዳድባን ስልጣንን ብምሃብ'ውን ብሃገራዊ ኩነታትና ዝተሰፈየ ሕገ መንግስቲ ክንጭብጥ ተገይሩ እዩ ፡፡ ከምኡ'ውን ኣተረጋጉማ ሕገ መንግስትን በየነ መንግስታዊ ኣፈታትሓ ጊዜያዊ ፀገማትን ብምትእትታ'ውን ናይ ተረሲዖም ዝነበሩ ( Minority Mights) ኣተሓሕዛ ዘቐመጠም ፉሉያት ድንጋገታት ተኣሳሲሮም እዮም ነዚ በፂሕናሉ ዘለና ብርኪ ዘብቀዓና፡፡

ኣሰር ኩሎም ሰማእታትናን ብሉፅ መራሒና መለስ ዜናዊ ተኸቲልና ህዳሰ ክልልናን ሃገርናን ክውን ንምግባር ኣብዚ ሓዱሽ ምዕራፍ መበል 40 ዓመት ልደት ህወሓት ደጊምና ንኣትዎ ቃል ህዝቢ ትግራይ ከም ወትሩ ክልላውን ሃገራውን ምንቅስቓስ ሰራዊት ልምዓት ናብ ዝለዓለ ብራኽ ብምብፃሕ ንመሰረታዊ ዝላ ኣዝዮም ወሰንቲ ዝኾኑ ዓወታት ክነመዝግብ ኢና ኢልና ዝተልዓልናሉ ምኽንያት ነዚ እዩ፡፡